ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅዱስ ገብርኤል ቤተ ክርስትያን ኒውዮርክን ከባቢኣን
Archangel Gabriel Eritrean Orthodox Tewahdo Church
C/O Our Lady of Lourdes R.C. Church
469 W. 142 NY, NY 10031

ብሓልዮት ትምህርቲ ሰንበት ዝተዳለወ

# ዓቢይ ጾም (ጾመ ኣርብዓ) ካብ ወንጌል ማቴዎስ

## ምዕራፍ 4

### ኢየሱስ ብዲያብሎስ ከም ዝተፈተነ
(ማር. 1፡12-13፥ ሉቃ. 4፡1-13)

1ብድኅርዚ መንፈስ ቅዱስ ንኢየሱስ፥
ብዲያብሎስ ኪፍተን፥ ናብ በረኻ ወሰዶ።
2ኣርብዓ መዓልትን ኣርብዓ ለይትን ጾመ፥ ሽዑ
ጠመየ። 3እቲ ፈታኒ ድማ መጺኡ፥ "ወዲ
እግዚኣብሔር እንተ ኼንካስ እዘን ኣእማን
እንጌራ ይኹና በል" በሎ።
4ኢየሱስ ግና "'ሰብ ካብ ኣፍ ኣምላኽ
ብዝወፅእ ኵሉ ቓል ደኣ እምበር ብእንጌራ
ጥራይ ኣይነብርን እዩ' ዚብል ጽሑፍ ኣሎ"
ኢሉ መለሰሉ።
5ሽዑ ዲያብሎስ ናብታ ቕድስቲ ኸተማ
ወሲዱ፥ ኣብ ላዕላይ ጫፍ ቤት መቕደስ ኣቘሞ።
6"ወዲ እግዚኣብሔር እንተ ኼንካስ*4
'እግርኻ ብእምኒ ኸይትዕንቀፍ፥
በእዳዎም ኪሖሩኻ፥ ንመላእኽቱ
ምእንታኻ ይእዝዞም'
ዚብል ጽሑፍ ኣሎ እሞ፥ እስከ
ንታሕቲ ጽደፍ" በሎ።
7ኢየሱስ ድማ "'ንእግዚኣብሔር ኣምላ
ኽካ ኣይትፈታተኖ' ዚብል ጽሑፍ እው
ኣሎ" በሎ።
8ከም ብሓድሽ ዲያብሎስ ናብ ኣዝዩ ነዊ
እምባ ወሲዱ፥ መንግሥትታት ኵሉ ዓለም



ክብሮምን ኣርእዮ እሞ፥ 9"ተደፊእካ እንተ
ሰገድካለይ እዚ ኹሉ ኽህበካ እየ" በሎ።
10ሽዑ ኢየሱስ "'ንእግዚኣብሔር ኣምላ
ኽካ ስገድ፥ ንእኡ በይኑ ድማ ኣምልኽ' ዚብል
ጽሑፍ ኣሎ እሞ ኪድ*5 ሰይጣን" በሎ።
11ድኅርዚ ዲያብሎስ ኃደጎ፥ እንሆ ድማ
መላእኽቲ መጺኦም ኣገልገልዎ።

# ዓቢይ ጾም (ጾመ ኣርብዓ)

ብሩኽ ምጅማር ጾም ንኩልና !
ሎሚ ዘመን ዓቢይ ጾም (ጾመ ኣርብዓ) ሰኑይ
ዕለት 3/3/2008 ዓ.ም.ፈ
(24 የካቲት 2000 ዓ.ም.ግ) ክጅመር እዩ።

እዚ ጾም እዚ፡ ኣብ ወንጌል ማቴዎስ ምዕራፍ 4፡ ተጻሒፉ ከም ዘሎ፡ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ባዕሉ ንኣርብዓ መዓልታት ብዲያብሎስ እናተፈተነ ዝጸሞ ጾም ኢዩ። ዓብይ ጾም ዝተባህለሉ ምኽንያት ከኣ እቲ ንጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ከስሕት ተዳልዩ ዝመጸ ድያብሎስ ዝተሳዕረሉን ኢየሱስ ዝኸበረሉን ጾም ስለ ዝኾነ እዩ።

ኢየሱስ ክርስቶስ ዝጸመለን መዓልትታት ኣርብዓ ጥራይ እየን ። ኣብ ርእሲ እተን ኣርብዓ መዓልትታት ግና ሓደ ሰሙን ብቅድሚት ሓደ ሰሙን ከኣ ብድሕሪት ስለ ዝተወሰኻለን ጠቕላላ ድምር 55 መዓልትታት እየን። ካብዘን 55 መዓልትታት ድማ 7 ቀዳምን 8 ሰናብትን ስለዘለዋ ተደሚረን 15 መዓልትታት ይኾና። እምበኣር ኣብ ቀዳመ-ሰንበት ጾምን ስግደትን ስለዘይፍቀድ ካብ ናይ ስዕረት መግቢ ማለት ከም ጸባ፣ ጠስሚን ስጋን ከምኡውን ዘስክር መስተ ኢና እንኽልከል እምበር ካብ ካልእ ዕለታዊ መግቢ ኣብ ጥራሕ ከብድኻ ዘይወዓለለን መዓልትታት እየን። በዚ ምኽንያት እዚ ከኣ እዮም ቅዱሳን ኣቦታትና ከም ምሉእ ናይ ጾም መዓልትታት ስለዘይቆጸርወን ካብ 55 — 15 ብምጉዳል 40 መዓልቲ ዓቢይ ጾም ይኹና ኢሎም ዝሰርዑልና።

ጾም ኣርብዓ ኣብ እንጾመሉ ግዜ እዘን ኣብ ታሕቲ ተጠቒሰን ዘለዋ ነገራት ክንዝክረን ይግብኣና።

1. ናይ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ጾም ስለዝኾነ እቲ ምእንታና ኢሉ ዝተቐበሎ መከራን ሞትን እናዘከርና በቲ ንዓና ዝገብረልና ሰናይ ነገራት ከነመስግኖ ይግብኣና።
2. ጾምና ንእግዚኣብሔር ምስጋና ብምቕራብ ብጸሎትን ስግደትን ዝተሰነየ ክኸውን ኣለዎ፣
3. ምእንቲ ሓጢኣትና ክሕደገልና ንዝበደልናዮምን ንዝበደሉናን ሰባት ይቕረታ ሓቲትና ብንጹህ ልብና ብጽኑዕ እምነትን ከየቋረጽና ንጸሊ፣
4. ከምቲ ክብድና ካብ ብልዕን መስተን እንጸውም ከምኡ ከኣ ኣፍና ሕማቕ ካይንዛረብ ፡ብሕልናና ሓጢኣት ከይንሓስብ ፡ናብ ዘየድሊ ቦታ ከይንኸይድ ፡ኣብ ባእስን ክርክርን ከይንኣቱ ተጠንቂቕና ኩሉ ሕዋሳትና ይጹም፣
5. ንግሆ ክንትንስእ ከሎና ምሸት ከኣ ቅድሚ
4. ከምቲ ክብድና ካብ ብልዕን መስተን እንጸውም ከምኡ ከኣ ኣፍና ሕማቕ ካይንዛረብ ፡ብሕልናና ሓጢኣት ከይንሓስብ ፡ናብ ዘየድሊ ቦታ ከይንኸይድ ፡ኣብ ባእስን ክርክርን ከይንኣቱ ተጠንቂቕና ኩሉ ሕዋሳትና ይጹም፣
5. ንግሆ ክንትንስእ ከሎና ምሸት ከኣ ቅድሚ ምድቃስና መጽሓፍ ቅዱስ ብምንባብ ቃል ኣምላኽ ዝብለና ክንፈልጥን መንፈሳዊ ሕይወትና ከነጠናኽርን ዝግብኣና ግዜ እዩ።
6. እዘን ኣብ ታሕቲ ተዘርዚረን ዘለዋ ሽዱሽተ (6) ቃላት ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ድማ ደጋጊምና ክነስተንትነን ኣገዳሲ እዩ። ንሳተን ድማ ፡-
    - ጠምየ ኣየብላዕኩምንን
    - ጸሚኣ ኣየስተኹምንን
    - ጋሻ ኮይነ ኣይተቐበልኩምንን
    - ዓሪቐ ኣይከደንኩምንን
    - ሓሚመ ኣይበጻሕኩምንን
    - ተኣሲረ ኣየጸናናዕኩምንን

# ንህዝብና ጾምን ጸሎትን የድልዮ !

v እግዚኣብሔር ብመገዲ ጾምን ጸሎትን ጥራይ እዩ ዝርከብ። ንሰይጣን ከኣ ጾምን ጸሎትን እንተ ኣበርቲዕና ኢና እንስዕሮ። ማቴ 17:21 ስለዚ ድሌትና ክህበና፡ሽግርና ክፈትሓልና፡ ሕማምና ክፍውሰልና፡ ሕቶና ክምልሰልና እግዚኣብሔር ወትሩ ተዳልዩ እዩ ዘሎ። ምኽንያቱ ንኣምላኽ ወላ ሓንቲ ነገር ዝሰኣኖ ስለዘየሎ። ሉቃ 1:37 ሓደ ሓደ ግዜ ግና እቲ እንልምኖ ነገር ብስጋ ወይ ብነብሲ እንጉድኣሉ እንተኾይኑ እግዚኣብሔር የደንጉዮ ወይ ከኣ ኣይህበናን እዩ። እቲ ምኽንያት ምድንጋይ ድማ ቀስ ኢሉ ኢዩ ዝርድኣና። ኣምላኽ ብጥበቡ ንጥቕምና ኢሉ ከምዘደንጎዮ ምስ ፈለጥና ከኣ ብዙሕ ንሕጎስ ።

v ኣብዚ ጾመ ኣርብዓ እዚ ብዝያዳ ህዝብና ኣብ ጾምን ጸሎትን ከተኩር ይግብኦ። ብፍላይ ንሕና ከም ኣብ ስደት እንርከብ ህዝቢ መጠን ሓሳብናን ልብናን ብክልተ ወገን እዩ ዝውጠጥ ዘሎ፡-

1. ብዛዕባ ዕለታዊ መነባብሮናን ሓዳርናን
2. ብዛዕባ ኣብ ሃገርና ዘለዉ እንፈትዎም

ስድራ ቤትና ኩነታቶም የሻቕለና

v እምበኣር እንተጸዋዕናዮ ዝሰምዓና እንተለመንናዮ ዝህበና እሙን ኣምላኽ ስለዘሎና "ንሱ ይሓልየልኩም እዩ እሞ ንኹሉ ሓልዮትኩም ኣብኡ ኣውድቕዎ" 1 ጴጥ 5:7 ብዝበሎ ቃል መሰረት ኣብ ኢድ እግዚኣብሔር ወዲቕና ነዞም ዝስዕቡ ቀንዲ ነገራት እናዘከርና ኩልና ብጾምን ጸሎትን ክንምህለል ይግብኣና ።

ነቒሕና ከነስተንትኖም ዘሎና ፡-

Ø እግዚኣብሔር ንኹልና ምሉእ ጥዕና ሂቡ እምነት፡ተስፋን ፍቕርን ከውርደልና፣

Ø ኣብ ዘዘሎናዮ ቦታ ዕለታዊ ናብራናን ሓዳርናን ክባርኸልና፣

Ø ደቅናን ኣሕዋትናን ካብ ኩሉ ክፉእ ሓጢኣት ኣድሒኑ ብትምህርቶምን ስርሖምን ከዐውተልና ፣

Ø ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘለዉ ህዝብና ካብ ሓደጋ ኹናት፡ ጥምየትን ስደትን፣ ኣድሒኑ ስምምዕን ቅሳነትን ከብዝሓልና፣

Ø ንቤት ክርስቲያንና ሓዋርያዊ ተልእኾኣን መንፈሳዊ ሕጋን ኣጽኒዑ ብሓቅን ጽድቅን ክሕልወልና

Ø ምእንቲ ስም ክርስቶስን ቅኑዕ እምነትን ኢሎም ኩሉ ጸበባን ማእሰርትን ዝበጽሖም ዘሎ ኣቦና ቅዱስ እንጦንዮስን ኩሎም ክርስቲያንን ብጥዕና ዓቂቡ ናብ ህዝቦም ብራህዋ ከውጽኣልና

Ø ምእንቲ እቶም ጭንቀት፡ ስደትን ሞትን ዘጋጥሞም ዘሎ ኣሕዋትናን መንእሰያትናን ቅሳነትን ትዕግስትን ከብዝሓሎም፣

Ø ምእንቲ ኩሎም ሰበ ስልጣን መንግስትን መራሕትን ሰባት ፍትሕን ፈሪሃ እግዚኣብሔርን ኣሕዲሩ ብፍቕርን ቅንዕናን ከመሓዱሩና፣

Ø ብምሕረት ኣምላኽ ኣብ ኩሉ ዓለም ዕርቅን ሰላምን ሰፊኑ ዕረፍትን በረኸትን ከውርደልና ብእምነት ሓቢርና ንጸሊ።

ጾምና ባሪኹ ኣብ ብርሃነ ትንሳኤ ብሓጎስ የብጽሓና !!!

## ምዕራፍ 58

### ሓቀኛ ጾም

1 እግዚኣብሔር ከምዚ ይብል ኣሎ:-
"ኣፍካ መሊእካ ጨድር፥ ኣይተቋርጽ፥ ድምፅኻ ኸም መለኸት ዓው ኣብል፥ ንሕዝበይ
ኣበሳኦም፥ ንቤት እስራኤል ድማ ኃጢኣቶም
ንገሮም። 2 ንሳቶም ብመገደይ ኪመላለሱ ኸም
ዝፈተዉ መዓልተ መዓልቲ የምልኹኒ፥ ከምቲ
ጽድቂ ዚገብርን፥ ሕጊ ኣምላኹ ዘይኃደገን
ሕዝብስ ቅኑዕ ሕጊ ኻባይ ይደልዩ፥ ፈትዮም
ዜምልኹኒ ኸኣ ይመስሉ።"
3 እቶም ሕዝቢ "እግዚኣብሔር ዘይርእየና
እንተ ደኣ ኾይኑስ ስለምንታይ ጾምና፧ ንሱ
ግድና ዘይገብር እንተ ደኣ ኾይኑኸ ስለምንታይ
ነፍስና ኣሕሳእና፧" እናበሉ ይሓቱ ኣለዉ።
እግዚኣብሔር ከኣ ኸምዚ ይብሎም ኣሎ:-
"እንሆ፥ ብመዓልቲ ጾምኩምሲ ተግባርኩም
ኢኹም እትገብሩ፥ ንግዙኣትኩም ድማ ትገፍዕ-
ዎም ኣሎኹም። 4 ክትጸሙ ኸሎኹም ትበኣሱን
ትከራኸሩን ብሕሱም ጕስጢት ትዋቐዑን ኣሎ





ኹም። ጸሎትኩም ኣብ ላዕሊ ኸም ዚስማዕ
ጌርኩም ሎሚ ኣይትጸሙን ኢኹም ዘሎኹም።
5 እቲ ኣነ ዝፈትዎ ጾምን፥ እታ ሰብ ንነፍሱ
ዜሕስኣላ መዓልትን ከምዚ ዘመሰለ ድዩ፧ ከም
ሰልሰላ ርእስኻ ምድናንን፥ ክሻን ሓሙኹሽትን
መንጸፍካ ምግባርን፥ ነዚ ዲኹም ጾምን እግዚኣ
ብሔር ዚቕበሎ መዓልትን እትብልዎ ዘሎኹም፧
6 "እቲ ኣነ ዝፈትዎ ጾምሲ እዚ ዚስዕብ
እዩ:- ንመእሰር እከይ ምፍታሕ፥ ነርዑት
ባርነት ምዝላቕ፥ ንጥቑዓት ምውፃእ ሓራ፥
ኣርዑት ባርነት ዘበለ ኹሉ ምስባር፥ 7 እንጌራ
ኹም ንጥሙይ ምምቃል፥ ነቶም ዝተሰዱ
ድኻታት ኣብ ቤትኩም ምቕባል፥ ዕሩቕ እንተ
ርኤኹም ምኽዳን፥ ንዘመድኩም ካብ ምሕጋዝ
ዘይምኅባእ እዩ።
8 "ሽዑ ብርሃነይ ከም ፀሓይ ንግሆ ኾይኑ
ኼብርሃልኩም፥ ምሕዋይኩም ቐልጢፉ ኺመ
ጽእ፥ ጽድቀይ ቀቅድሜኹም ኪኸይድ፥ ክብ
ረይ ድማ ደጀንኩም ኪኸውን እዩ። 9 ሽዑ
ኽትጽውዑኒ፥ ኣነ ኸኣ ኽምልሰልኩም፥ ከተእ
ውዩ፥ ኣነ ድማ እኔኹ ኽብለኩም እየ።
"ነርዑት ባርነትን ንናይ ንዕቀት ምውጥ-
ዋጥ ኣጻብዕን ንሕማቕ ዘረባን ካኣ ኻብ
ማእከልኩም እንተ ኣርሓቕኩም፥ 10 ንጥሙቕ
እንተ መቕልኩም፥ ንጥሙይ እንተ ኣጽገብ
ኩም፥ ሽዑ ብርሃንኩም ኣብ ጸልማት ኪበርህ፥
ጸልማትኩም እውን ከም ፀሓይ ቀትሪ ኺኾላዕ
እዩ። 11 ኣነ ንኹሉ ጊዜ ኽመርሓኩም፥
ብጽሙቕ ነገር ከጽግበኩም፥ ጥዕናን ኃይልን
ክህበኩም እየ፥ ንስኻትኩም ከኣ ኸም ዝሰተየ
ኣታኽልትን ከምቲ ማዩ ዘይነጽፍ ዓይኒ ማይን
ክትኮኑ ኢኹም። 12 ሕዝብኹም ነቲ ቐደም
ዝዓነወ ኣብቲ ናይ ጥንቲ መሠረት ኪነድቅዎ
እዮም። ንስኻትኩም ከኣ ነደቕቲ ፍሩስ ቀጽርን
ሓነጽቲ ገዛውትን መዓረይቲ መገድን ተባሂል
ኩም ክትስመዩ ኢኹም።"